UK Health Security Agency

# ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ)

## ቲቢ ከም ልሙድ ንሳናቡእ ዘጥቅዕ ተመሓላላፊ ሕማም እዩ። ብባክተርያ እዩ ዝስዕብ። ኣስጋኢ ክኸውን ይኽእል፣ ግን ብመድሃኒት ኣንቲባዮቲክስ ክሕከም ይኽእል።

### ብቲቢ ብኸመይ ክትልከፉ ትኽእሉ

ሓደ ምልክታት ቲቢ ዘለዎ ሰብ ክስዕል ወይ ከህንጥስ ከሎ፣ ንኣሽቱ ነጠብታታት ናይ ባክተሪያ ናብ ኣየር ይፍነዉ። ቲቢ ክሕዘኩም ኣጸጋሚ እዩ። ምስቲ ተለኺፉ ዘሎ ሰብ ናይ ቀረባን ቀጻሊ ምትንኻፍን ክህልወኩም ከምኡ'ውን ነቲ ዝተለኸፈ ኣየር ክተተንፍሱን ኣለኩም። ክልተ ዓይነታት ቲቢ ኣለዉ፣ ንጡፍን ድጉልን

### ንጡፍ ቲቢ

እዚ ማለት እቶም ባክተሪያ ኣብ ነብስኹም ንጡፋት እዮም ማለት እዩ። ንስኹም፡

- ምልክታት ሕማም ኣለኩም
- ነቲ መልከፍቲ ከተማሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም
- ክትሓሙ

### ምልክታት ናይ ንጡፍ ቲቢ

እዞም ዝስዕቡ እንተለዉኹም ምስ ሓኪምኩም (ጂፒ) ተዘራረቡ፡

- ዘይመሓየሽ ስዓል
- ደም ዘለዎ ልፋጭ (ዓልገት) ትስዕሉ እንተለኹም
- ረስኒ ወይ ረሃጽ ለይቲ እንተለኩም
- ሸውሃት መግቢ እንተዘይብልኩም ወይ ምጉዳል ሚዛን
- ክቱር ድኻም

### ድጉል ቲቢ

እዚ ማለት እቶም ባክተሪያ ኣብ ነብስኹም ንጡፋት ኣይኮኑን ማለት እዩ። ንስኹም፡

- ምልክታት የብልኩምን

- ነቲ መልከፍቲ ከተማሓላልፉ ኣይትኽእሉን

## ቲቢ ክፍወስ ይኽእል

ቲቢ እንተሒዙኩም፣ ኣብ ዩኬ ናጻ ዝኾነ መርምራን ፍወሳን ክትረኽቡ ኢኹም።

## መርመራታት ቲቢ

ዝኾነ ምልክታት እንተዘይብልኩም`ውን ክትምርመሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ቲቢ እንተለኩም ንምፍታሽ ሓደ ሓኪም ንሓደ ወይ ዝተጣመሩ መርመራታት ክጥቀም ይኽእል። እዚኦም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥

- ናይ ኣፍ ልቢ ራጂ
- መርመራ ቆርበት
- መርመራ ደም
- ናይ ልፋጭ (ዓልገት) መርኣያ

## ቲቢ ንመን ክሕዞ ይኽእል

ዝኾነ ሰብ ቲቢ ክሕዞ ይኽእል፣ ግን በዞም ዝስዕቡ ንክሕዘኩም ዝያዳ ተኽእሎ ይህሉ:

- ንጡፍ ቲቢ ምስ ዘለዎ ሰብ ብዙሕ ግዜ ተሕልፉ እንተኺንኩም
- ቲቢ ብዙሕ ልሙድ ኣብ ዝኾነሉ ሃገር ትነብሩ እንተኔርኩም
- ዝተዳኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም እንተሃሊዩኩም
- ኣብ ዝተጨቓጨቐ ወይ ንጥዕና ጎዳኢ ኣብ ዝኾነ ኩነታት ትነብሩ እንተለኹም
- ወትሩ ሽጋራ ትስሕቡ፣ ኣልኮላዊ መስተ ትሰትዩ ወይ ድሮጋ ትወስዱ እንተኺንኩም
- ቅድሚ ሕጂ ቲቢ ኔሩኩም ብግቡእ ዘይተፈወሰ እንተኾይኑ

## ክታበት ንቲቢ

ንቲቢ ክታበት ኣሎ። ቢሲጂ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቢሲጂ፡ ነቶም ዝለዓለ ተኽእሎ ሓደጋ ንዘለዎም ጥራይ ስለዝምከር፡ ከም ኣካል ናይ ኤን ኤች ኤስ ናይ ክታበት መደብ ብተደጋጋሚ ኣይወሃብን። ብዛዕባ እዚ ክታበት ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ንመርበብ ሓበሬታ ናይ ኤን ኤች ኤስ ርአዩ nhs.uk/vaccinations/bcg-vaccine-for-tuberculosis-tb/.

## ብዛዕባ ቲቢ ዝያዳ ፍለጡ

ብዛዕባ ድጉል ቲቢ ብ7 ቋንቋታት ኣብ ዩቲዩብ ሓበሬታ ዝህቡ ቪድዮታት ተመልከቱ። @TheTruthAboutTB ንዝብል ድለዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ቲቢ፡ ንመርበብ ሓበሬታ ኤን ኤች ኤስ ብጽሑ ወይ ነቲ ኪው ኣር ኮድ ስካን ግበሩ nhs.uk/conditions/tuberculosis-tb/.

**ትካል ውሕስነት ጥዕና ዩኬ**
**ምድላው ን፣ ንስግኣታት ጥዕና ምኽልካልን መልሲ ምሃብን፣**
**ምድሓን ህይወትን ምሕላው መነባብሮን**

**ትካል ውሕስነት ጥዕና ዩኬ**
**ምድላው ን፣ ንስግኣታት ጥዕና ምኽልካልን መልሲ ምሃብን፣**
**ምድሓን ህይወትን ምሕላው መነባብሮን**